# ዕዉት ኣኼባ ባይቶ ፈስትቫል ኤርትራ ጀርመን

*እቲ ካብ ኩለን ሃገራውያን ውዳቤታት ዝቖመ ባይቶ ፈስቲቫል ኤርትራ ኣብ ጀርመን ብዕለት 31.1.2015 ኣብ ከተማ ማንሃይም ኣብ ዘቃንዖ ኣኼባ፡ ንኽኽተሎ ዝጸንሐ ኣሰራርሓ ዕቱብ ገምጋም ድሕሪ ምግባር፡ ንዝጸንሑ እወታውን ኣሉታውን ስርሓት ብድሕሪ ምንጻር ፡ ን2015ን 2016 ዓ.ም. ብዝሓየለ ክስርሓሉ ዝኽእል ኣገባብ ስራሕን ኣወዳድባን ብምትእትታው ንዝያዳ ስራሕ ብልዑል ወኒ ተበጊሱ ኣሎ።*

*ኤርትራውዊ ፈስቲቫል ማዕረ ሃገራዊ ብዓላትና ኣብ ኩለን ኤርትራውያን ዝነብሩለን ሃገራት ብድምቀት ንኽብዓልን ኤርትራዊ መንነት ዝግለጸሉን፡ ብፍላይ ድማ ኣብ ወጻኢ ተወሊዶም ዝዓብዩ ቆልዑን መንእሰያትን ምስ ባህሎምን ህዝቦምን ዝፋለጥሉ ኮይኑ ሃገራዊ ሓድነት ንምድልዳልን እዋናዊ መልእኽትታት ንምትሕልላፍን'ውን መኽተና ንምሕያልን ነብስና እንግምግመሉን ብሃገር ደርጃ ዓቢ ኣቓልቦ ዝወሃበሉ ሃገራዊ ንግደት ብምዃኑ መጠን መጽናዕቲ ተኻይዱ ምስ ሓድሽ ትውልዲ ዝኸይድ ግዜ ዝጠልቦ ለውጥታት ከተኣታቱ ኣድላይነቱ ስለ ዝተራእየ ኣብዚ ዓመት እዚ ፈስትቫል ኤርትራ ኣብ ልዕሊ እቲ ብባይቶ ደርጃ ክስርሓሉ ዝጸንሐ ፡ ምስ ፈጻሚት ሽማግለ ተወሃሂዶም ዝነጥፉ መእሰያትን ክኢላታትን ዝዋስእሉ ሰፊሕ ባይታ ንምፍጣር፡ ብሓይልታት ዕማም ንኽሰርሕ መደብ ሰሪዑ።*

*ኣብ ጉዳይ ዕማምን ተልእኾን ፈስቲቫል ሓባራዊ መረዳእታ ድሕሪ ምርግጋጽ፡ ነብሲ-ወከፍ ሓይሊ ዕማም ብመልክዕ ዎርክ-ሾፕ ዘተ ኣካይደን። ከም ውጽኢት መደባት ስራሕ ብምንጻር፡ ምክፍፋል ስራሕ ገይረን።*

*ሽማግለ ፈስቲቫል ኤርትራ በዚ ኣጋጣሚ ናይ ሎሚ ዓመት ፈስትቫል ኤርትራ ኣብ ዕለታት 03-05. 07. 2015 ከምዝጽምበል ምኳኑ ኹሎም ግዱሳት ዘጋታት ከነብስር ከሎና፡ ፌስትቫልና ወትሩ ዕዉት ንኽኸውን ወርቃዊ ግዚኦም፡ ኣእምሮኦም፡ ጉልቦቶም ዘወፈዩ፡ መንእሰያት፡ ማሕበረኮማት፡ ሽማግለታት መኸተ ፡ ጉጅለታት ህግደፍ፡ ሃማደኤ፡ ጋንታታት ስፖርት፡ ትምህርቲ ቛንቋ ኣደ፡ ስነጥበባውያንን መድያን ከምኡውን እቶም ወግሐ ጸብሐ ንብደርጃ ፈስቲቫል ጀርመን ዝካየድ ንጥፈታት ብተወፋይነት ብሞራልን ብጉልበትን ከየቛረጹ ዝደጋግፉናን ሰሪሖም ዘስርሑን ተዓዊቶም ዘዕውቱ ፣ ግዱሳትን ኣብነታውያንን ሃገራውያን ተቐማጦ ጀርመን ፡ ከምኡውን ከቡራትን (ን)ተሳተፍቲ ፌስትቫል ኤርትራን ብስም ሽማግለ ፈስቲቫል ዓቢ ምስጋና ነቕርብ።*

*መደባት ፌስትቫል ንምዕዋት ኣድላይ ሓሳባት ነቐፌታ ካልእን ከቕርቡልና ንዝደልዩ ግዱሳት ኤርትራውያን ብጽሑፍ ናብ ፌስትቫል ሽማግለ ብኢመይል festivalgermany@googlemail.com ክትልእኹ ከምእትኽእሉ ክሕብር ንፈቱ።*

*ክብርን መጐስን ንጀጋኑ ሰማእታትና !*<br>*ዓወት ንሓፋሽ*<br>*ኣወሃሃዲ ሽማግለ ፈስቲቫል ኤርትራ ኣብ ጀርመን*